*"ሓሳድስ ገዛ ጎረበቱ ከንድድ ከብል ገዝኡ ይህምኽ'*

***ተንኮል ንኣላሚኣ ከምዝብሃል፡*** *ጁንታ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ኮይና ወኪል ጎይቶታ ክትከውን ዝተዋህባ ኣጀንዳ ከተሰላስል ብሚልዮናት ዶላር ጉኒዒት ተገሩላ ግብረሽበራዊ ስራሓ ጀመረት። ካብ ስኽራን ብኣልኮላዊ መስተ ስኽራን ናይ ገንዘብ ስለ ዝብርትዕ፡ ጁንታ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ኢዳ ዝጨበጠታ ኮይኑ ተሰምዓ። ከም ጉዕበርበረ ኣብ መቐመጫኣ ዝኣተዋ ኣድጊ ፍንጭሪዕ በለት። ናይ ጎይቶታ ጎይታ ኮይኑ ተሰምዓ። ክድምና ግርም ጌራ ኣስተማቒራ፡ ንሳውን ብዓቕማ ከደምቲ ገበረት።* ***ሓቂ ዘይብላ ማዓኮር ማይ ሰትያ ትጠርጥ*** *ከምዝበሃል፡ ጁንታ ዘዋጽኣን ዘይየዋጽኣን ከይመዘነት ጎረቤታ ብሓዊ ከተቃጽል ጀመረት። ሓዊ ሓዊ ምኺኑ ረሲዓ ኣሻፈረኝ መን ከማይ በለት። ናብ ጎረበታ ዝሓሰበቶ ሓዊ ንፋስ ሴሜን ኣንፈቱ ናብ ደቡብ ስለ ዝቐየረ ጁንታ ብዝወልዓቶ ሓዊ ተለብሊባ እነ ስዩም መስፍን፡ ኣባይ ጸሃየ፡ ጌታቸህው ኣሰፋ፡ ካልኦትን ነብሳቸው ይማር ንሞት ቀጺዓቶም። ዝተባርዔ ሓዊ ቢንቦሪ (መጥፊኢት ሓዊ) ሲኢኑ ንምልእቲ ትግራይ ለብለባ። ሂወት ማእለያ ዘይብሎም ሰላማውያን ተቐዝፈ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ጁንታ ከጥፍእ ከም ፈለግ ኣባይ ናብ ጦር ግንባር ወሓዘ።*

*ኣሜርካ <u>እታ ብትዕቢት ኣብ ዓለም መን ከማይ ኣሎ ኢላ ግብረ ሽበራዊ ኣጀንዳታት ብተለኣኣኽታ እተዋፍር ራዕዲ ኣሕደረላ።</u> ዓላቑ ሰነዳታ ሒዛ ካብን ናብን ክትብል ርሂጻ ትጨኑ ኣላ። እዚ ሓሳድ መንግስቲ ዓለም ክግብት ዝሓስብ፡ ሃገራትን ህዝበንን ናበይን ጸረምንን ይኸታትን ይምክታን ከምዘለዋ ኣቕልቦ የብላን። ""<u>ዝብእስ ዝተኾመረ ስጋ ኣሎ እንተበሉዎስ ኣበይ ከይበለ ኣብ መፈንጠራ ኣትዩ ሞተ""</u> ከምዝበሃል፡ እዛ ትዕቢተኛ ኣሜርካ ንጁንታ ኣሚና ኣብ መፈንጠራ ጥምረት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣትያ ፈንጠርጠር ኢላ ከም ጭርሑ ደጉሉ ዝሃድም ከልቢ፡ ኣእዛና ጠውያ ርእሳ ኣድኒና ዳግም ከምቲ ኣብ ቬትናምን ኣፍጋኒስታንን ዘጋጠማ ስዕረት ተሰኪማ ሪት-ለስ ኢላ ክትምለስ እያ።*



*ራኢ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ሃገር ሓሊፉ ንምሉእ ኣፍሪቃን ዓለም ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንግስን ራኢ እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ 30 ዓመታት ክወስድ ከሎ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ከንግስ፡ ደሞክራሲ ትርጉሙን ጥቕሙን ከሃንጽ። ሰብ ማዕረ ምኺኑ ዝምህር። ኩሉ ከከም ፍልጠቱን ክእለቱን ሃገሩ ክሃንጽን ክሰርሕን። ብኡ መልክዕ ናብሩኡ ብሰላምን ሓጎስን ክካይድ። ሰላም ጎረባብቱ ከም ሰላሙ ዝመዝን ዝዕቅብ። ራኢ ህዝባዊ ግንባር ዘየዋስን ገደብ ዘይብሉ ራኢ ብህድኣት ኣብ ዓለም ዘስፋህፍሕ ዘሎ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ንዓለም ብኹላ እዩ ዝርኢ። ምስዛ በትሪ እገዳ ተዋጣውጠልና ዘላ ኣሜርካ ራኢኣኸ መመይ'ዩ።*



*እዚ ሰብ ኣብዛ ዕትሮ ኣትዩ ዘሎ ከም ኣብነት ወሲድና ክንዛረብ እንተኮይና ዓለም ግፍሓ ልክዕ ክንድዛ ኣፍ ዕትሮ ኮይናያ ትራኣዮ። ካልእ ዓለምን ህዝብን ምህላው ዘረስዕ'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ናይ ግቢታ ኣተሓሳሰባ ዝገዝኦም። ስለዚ ራኢ ይ መንግስት ኤርትራ ሰፊሕዩ፡፡ ራኢ ኣሜርካ ድማ ጸቢብ ከም ቀለበት ቃልኪዳን እዩ። ኩሉ ገብት ዝብል። ራኢና ሃገራት ተኸባቢረን ብሰላም ተጎራቢተን ተደጋጊፈን ክለምዓ ድኽነት ከጥፍኣ ይብል። ስለዚ ኣብ መንጎናን ኣብ ሞንጉኦምን ዓቢ ናይ ኣተሓሳኣሰባ ፍልልይ'ዩ ዘሎና።*